# ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ፧

## ኣቀዲምካ ሞያ ምምራጽ

ሞያ ምስ መረጽካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ድለ። እንታይ ማለት እዩ ፈሊጥካ ኣለኻ ክእለት ከም ዘለካ ነቲ ዝመረጽካዮ ሞያ። እዚ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ የሕግዘካ ፈሊኻ ቦታ ክትደሊ። ኣየድልየካን እዩ ኣብ መጀመሪያ ብዘይ መደብ ዝረኸብካዮ ነጻ ቦታ ክትቅበል።

## ኣድራሻታት ምድላይ

ኣየናይ ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ትምህርቲ ነጻ ቦታ ኣለዎም ንዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክትፈልጥ ኣለካ። ነዚ ክትፈልጥ ዝተፈላለየ መገድታትን ሓገዝን ኣሎ።

- ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ[1] ዝርዝር ኣስማት ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ዘምህሩ ትረክብ ኢኻ።
- ኣብ ኢንተርነት ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ረአይ[2]።
- ኣብ ጋዜጣታትን ምቓልሕታትን ወይ ኣብ ሆምፐጅ ናይ ትካላት ረአይ።
- ብዙሓት ተመሃሮ ብዝፈልጥዎ ሰብ ወይ ብኣዝማዶም ኢዮም ስራሕ ዝኣትዉ። እዚ ፍልጠትን ዝምድናን ተተቐመሉ።

## ርክብ ምግባር

ሕጂ ኣድራሻታት ሒዝካ ኣለኻ ነቶም ትካላት ነጻ ቦታ ብምህላዎም ሕተት። ደዊልካ ኣፍልጥ ወይ ብኣካል ኪድ። ሕተቶም ነጻ ቦታ ኣለና ኢንተኢሎሙኻ ከመይ ገርካ እቲ ጽሑፍ ተቅርቦ ሕተት። ካብ ትካል ናብ ትካል ይፈላለ እዩ ኣለዋ ትካላት ብጽሑፍ ክተመልክት ዝደልዩ ኣለዉ ገለ ገለ ክላለዩኻ ዝደልዩ፡ እቲ ኣገዳሲ ግን ድልየቶም እዩ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ (ካንቶን) ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ከኣ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.adressen.sdbb.ch Français: www.adresses.csfo.ch Italiano: www.indirizzi.csfo.ch
ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይን ሐጺርን ሽም እዩ ዝፍለጥ።
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ BIZ, Laufbahnzentrum
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento, UOSP

[2] ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch/Lehrstellen
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ www.orientation.ch/formation
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento.ch > scelta professionale > Borsa nazionale dei posti di tirocinio

## ብጽሑፍ ምቕራብ ንነጻ ቦታ

ውዒሉ ሓዲሩ ኣይተርፍን እዩ ብጽሑፍ ክትቀርብ። እዚ ጽሑፍ ከመይ ክምዝጻሓፍ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ዘሎ ስርዓት ኣለዎ። ኣብ ቤት ትምህርትን ቤት ጽሕፈት ናይ ኣገልግሎት ንሞያ ምኽርን ከመይ ከም ዝጻሐፍ ሕተት እንተጸጊሙካ ኣብኡ ሓገዝ ትረክብ ኢኻ።
ኣብ ኢንተርነት ከኣ ዝሕግዘካ ጽሑፍ ትረክብ ኢኻ [3]። ኣገዳሲ እዩ እቲ ጽሑፍ ከይሰደድካዮ ንፈላጥ ክተርኢዮ ክእርሞ። ወረቓቕቲ ወይ ጽሑፋት ክጐድል የቡሉን ምስቲ ሞያን ትካልን ክሽይድ ኣለዎ ገጋታት ክህልዎ የቡሉን። ምኽሪ ክንውስኸልካ እንተተኻኢሉ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ጽሑፍ ስደድ ዕድልካ ነጻ ቦታ ክትረክብ ክሰፍሕ።

## ገምጋም ምህላው

ኣድላዪ እዩ ገምጋም ብዛዕባ ኩሉ ትገብሮ ክህሉወካ። ዝበለጸ ኣብ ጽሑፍ ኣስፍሮ መዓስ ብጽሑፍ ከምዝቀረብካ መዓስ ከምዝቈጸሩኻ ስጋብ መዓስ ካኣ መልሲ ዝህቡኻ። ብኡኡ ኩሉ ግዜ እንታይ ከምተስለጥ ካብ መን መልሲ ከምትጽበ መዓስ ከም ትጥይቕ ትፈልጥ።

## ፈተነን ዝርርብን ምሕላፍ

ብዙሓት ትካላትን ማሕበራትን ፈተነ ናይ ተውህቦን ክእለትን የግብሩ ኢዮም። ኣፍልጦ እንታይ ዓይነት ፈተነ ኣብ ዝመረጽካዮ ሞያ ዝጸንሓካን ዝጽበየካን ክህልወካ ኣለዎ።
ኣብ ምርጫ እንተበጺሕካ እቲ ሓለቓ ክላለየካ ደልዩ ማልት እዩ።
እቲ ዝርርብ ምስ ሓለቃ ጽቡቅ ገርካ ኣዳልዎ እንታይ ከምትሕተት እንታይ ከምትምልስ ሕሰብ። ትጠራጠር እንተኾንካ ምስ ካልእ ሰብ ተማኻኸር። ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ ብኣካል ጽቡቕ እንተቀሪብካ። ኣርኢዮም ድለትን ተገዳስነት ከምዘለካ።
ምንጻግ ተጻወር ከኣሎ
ነጻ ቦታታት ክትረክብ ኣብ ብዙሕ ሞያታት ከቢድ እዩ። ብኡኡ ምኽንያት ክትጽበ ኣለካ ከምዝነጽጉኻ። ተስፋ ኣይትቑረጽ ምድላይ ኣይትግደፎ ከም ናይ ቀደምካ ጸዓር። ስለምንታይ ከምዝነጸጉኻ ሕተት ንመጻኢ ምናልባት ክትመሓይሽ ብእኡ ዝያዳ ዕድል ክህልወካ እኽእል እዩ።

## ተዓጻጻፍነት ክህልወካ

---

[3] ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch >Berufswahl >Lehrstellensuche >Bewerbung
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ www.orientation.ch >formation >Toutes des places d'apprentissages >Lettre et CV
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento.ch > scelta professionale > Borsa nazionale dei posti di tirocinio >Consigli per la ricerca

ኣብቲ ዝደለኻዮ ሞያ ነጻ ቦታ እንተዘይረኺብካ ኣብ ሓደ ሞያ ጥራሕ ኣይትድረኽ። ብኡኡ ኣገዳሲ እዩ ነጻ ክትኸውን ካልእ መፍትሒ ክትረክብ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ እቲ ዝተመነኻዮ ቦታ ኣብ ነዊሕ ግዜ እንተዘይረኺብካዮ ናይ ግድን እዩ እቲ ኩነታት ክምርመር።

መርምር ካልእ ሞያ ምስቲ ዝሓሰብካዮ ሞያ ዝተሓሓዘ ክትመሃር ወይ ሐደ ዓመት ካልእ ክትገብር ወይ ኣብ ተግበራዊ ልምምድ ክትሰርሕ ወይ  ሓደ ዓመት ቋንቋ ክትመሃር ወዘተ። ከይዶንገኻ ወስን ዘድልየካ ሐበሬታ ክትእክብ ሐገዝ ክተምጽእ። ምስ ኣማኸርቲ ናይ ኣገልግሎት ሞያ ምክሪ ተዛራረብ መደብ ከመይ ከም ትቅጽል ኣውጽእ። መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ (ወይ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ) ክትፍጽም ንመጻኢ ሂወትካ ኣገዳሲ እዩ። ዝተፈላለየ መገድታት ኣለካ ክትምዕብል።

berufsberatung.ch orientation.ch orientamento.ch

# ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ሞያ

## ሐበሬታ ንወለዲ

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ
ጓልኩም ወይ ውድኹም ኣብ 7. 8. 9. ወይ 10. ክፍሊ ይመሃሩ፣ ኣብዚ ምስበጸሑ፣ ክውስኑ ኣለዎም ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመሃሩ። እዚ ስጉምቲ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ሞያ ሒዞም ወይ ከኣ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ ፈጺሞም ኣብ ስዊዘርላንድ ጽቡቕ ዕድል ኣለዎም ንመጻኢ ኣብ ስራሕ ክምዕብሉ።

**ቤት ትምህርቲ ከመይ ገሩ ይሕግዝ፣**
እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም ተመሃሮ ኣብ ሻምናይን ታሽዓይን ምስበጽሑ ሞያ ክመርጹ ይቀራርቦም ወይ ትምህርቲ ክቕጽሉ። ከመይ ከም ዘቃራርብዎም ንመምህር ኣብቲ ኣኼባ ናይ ወለዲ ሕተቱ።

**ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት[1] ከመይ ገሩ ይሕግዝ፣**
ናይ ምኽሪ ሞያ ኣገልግሎት፡ ብዛዕባ ሞያን ስራሕ ስልጠነን ትሕብር።
ተወሳኺ ድማ ክይድካ ብዛዕባ ድልየትካን ክእለትካን መገድታትን ተዘራርብ። እዚ ኣገልግሎት ንተመሃሮ ስቱርን ነጻን እዩ።
ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎትን ቤት ትምህርትን ነቶም መንእሰያት ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመርጹ ይሕግዙ። እንተ ኣድሊዩ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትደሊ ይተሐጋግዙኻ ኢዮም።
እቲ ቀንዲ ሓላፍነትን ምድላይን ኣብቶም ስድራቤት እዩ ዝተርፍ።

**እቶም መንእሰያት ባዕሎም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፣**
**ብኸመይ ወለዲ ንደቆም ገረኦም ይሕግዝዎም፣**
ወድኻ ወይ ጓልካ ባዕሎም ክንቃሳቐሱ ኣለዎም፡ ቤት ትምህርቲ ምስ ፈጸሙ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክረኽቡ። ንብዙሓት እዚ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ መኽንያት እዚ ኣገዳሲ እዩ ወለዲ ክሕግዝዎም። ሕቶ እንተለኩም ወይ እንተጸጊሙኩም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ምጹ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ (ካንቶን) ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ከኣ ኣብ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.adressen.sdbb.ch Français: www.adresses.csfo.ch Italiano: www.indirizzi.csfo.ch
ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይ ሽምን ሐጺር ሽምን እዩ ዝፍለጥ።
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ BIZ, Laufbahnzentrum
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento, UOSP

ስራሕ ወይ ትምህርቲ  ክትመርጽ ነዊሕ ግዜ ይወስድ እዩ። በዚ መኽንያት እዚ ሕቶ ሕተት መልሲ ክትረክብ። እቲ ቀንዲ ሕቶታትን ቀንዲ መገድታትን መልሲ ትረኽበሉ ብኸምዚ ኣገባብ እዩ።

ሀ ነብስኻ ምፍላጥ
ዝስዕብ ሕቶታት ደቅኹም ንነብሶም ክሓቱዋ ኣለዎም

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣበየናይ ዓውዲ ንፉዕ እየ፧ ኣየናይ ዓውዲ እፈቱ፧
- ኣብ ዕረፍትን ገዛን እንታይ ተማሂረ (ንኣብነት ዝተፈላለየ ቋንቋታት ምዝራብ መግቢ ምድላው ኣስበዛ ምግዛእ ገለ ነገር ምዕራይ መካይድኻ ጸገም እንተለዎ ሽግሮም ምስማዕ ኣብ ማሕበር ናይ ስፖርት፡ ኣብ ማሕበር መንእሰያት፡ በዓላት ናይ ማሕበር ምድላው)፧
- ኣብቲ ተወሳኺ ስራሕ ከም ዘይድንጉን እሙንን ምኳነይ ኣርኢየ፧ (ንኣብነት ጋዜጣ ምዕዳል ቆልዑ ምሕላው ሳዕሪ ምዕጻድ ኣብ ሐደ ትካል ቀዳምን ሰንበትን 2-3 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ምሕጋዝ)
- ኣበይ ሐይልን ዓቕምን ኣሎኒ ኣበይ ድኽመተይ፧

ከመይ ገሮም ወለዲ ንደቆም ይሕግዙ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ
ኣተሐሳስብኦም፡ ኣየናይ ስራሕ ምስ ደቅኹም ዝኸይድ፡ ኣየናይ ክእለት ከም ዘልዎም።

ለ ሞያታት ምፍላጥ
ደቅኹም ብሓበሬታን[2] ብ*“Schnupperlehren“* ሞያታት ፈሊጦም

- ከመይ ገርካ ሞያታት ተጽንዕ፧ መግለጺ ብዛዕባ ሞያታት ኣንብብ ፊልምታት ረኣይ ናብ ሰሚናራትን[3] ትርኢትን ብዛዕባ ሞያታትን[4] ሞያ ትምህርትን ኪድ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተት።
- “Schnupperlehren“ ምግባር። “Schnupperlehre“ ግበር ኣብ ሐደ ትካል ሞያ ከተጽንዕን ክትፈልጥን። „Schnupperlehre“ ዳርጋ 2 -3 መዓልታት

[2]ጀርመን Schnupperlehre
ፈረንሳ stage d'information professionnelle; stage en entreprises
ጥልያን stages
[3] ሰሚናራት ሐበሬታ ትረኽበሉ
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch >Berufswahl >Informationsveranstaltungen
ቋንቋ ፈረንሳን ጥልያንን ዝዝረበሉ ዞባ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተት።
[4] ትርኢት ብዛዕባ ሞያታትን ሞያ ትምህርትን

ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተት መዓስ ከምዘሎን ኣበይ ከኣ ከምዘሎ። እዚ ትርኢት ዝተፈላለየ ሽም ኣለዎ።
ብጀርመን Berufsmesse, Ausbildungsmesse, Berufsschau
ብፈረንሳ Salon des métiers, Cité des métiers,salon de la formation
ብጥልያን ESPO Professioni

ይከይድ። ትካላት „Schnupperlehre“ ይጥቀሙ ነቶም መንእሰያት ክላለዩን ክመርጹን። እንተነፊዕካ ዕድል ኣለካ ኣብኡ እቲ ሞያ ክትመሃር።

ከመይ ገሮም ወለዲ ንደቆም ክሕግዙ ይኽእሉ፤

- ንደቅኹም ኣሰንይዎም፡ ኣኸባ ብዛዕባ ሞያታት እንተሎ።
- ኣዛኻኽርዎም ቆጸረታት ከይርስዑ።
- ኣሰንይዎም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ። ኣፍልጦ ናይ ዝተፈላለየ መገድታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ክህልወኩም ኣለዎ።
- ንደቅኹም ኣዛራርብዎም ብዛዕባ ተመኩሩዎ ኣብ ስራሕ።

ሐ ሞያን፡ ቤት ትምህርትን ምምራጽ

ደቅኹም ኣብ ምምራጽ ሞያ ኣብ ዝስዕብ ዘሎ ክጥንቀቁ ኣለዎም።

- ክትሐስብ ብሞያ ክትመርጽን፡ ወይ ትምህርቲ ክትቅጽልን ብዙሕ ክትገብርን፡ ግዜ ይወስድ እዩ።
- ኣድላዪ እዩ 1 ወይ 2 ምርጫ ክህልወካ።
- ንመምሃራን ኣበይ ጉድለት ኣለኒ፡ ከመይ ገረ ኣብ 9. ወይ 10. ክፍሊ ክቀራረብ እኽእል ሕተት።

ከም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፤

- ትግደሱ ዲኹም ብዛዕባ ውሳነ ደቅኹም።
- ተዛራረቡ ብዛዕባ እቲ ዝመረጽዎ ሞያን ምርጫን

መ ሞያ ትምህርቲ ምድላይ (መብዛሕቱ ግዜ ሐደ ዓመት ቅድሚ ትምህርቲ ምፍጻም)

ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ እዚኣ ትስዕብ ዘላ ጽሕፍቲ ንደቅኹም ትሕብሮም እያ።

- "ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ"[5]፤

ከም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፤

- ኣዛኻኽሩ ንደቅኹም ኣቐዲሞም ክጅምሩ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።
- ኣታባብዕዎም ኢንተተነጺጎም ክቅጽሉ፡ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።

ኣደታትን ኣቦታትን እንታይ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ብኣብነት ገርና ክነፍልጠኩም ኢና።

ምስ መምህር ምዝራብ

ላውራ ኣብ 8. ክፍሊ ትመሃር ኣላ። ኣብ ገዛ ብዛዕባ ሞያ ምምራጽን ወይ ትምህርቲ ምቅጻልን ኣይተዕልልን እያ። እንታይ ኮይና ኢሎም እቶም ወለዲ ይጭነቁ። ድሕሪ ቤት

[5] www.berufsberatung.ch >Berufswahl >Information für Fremdsprachige
www.orientation.ch >Choix professionnelle >Informations en langues étrangères
www.orientamento.ch >Scelta professionale ˃Informazioni per persone di lingua straniera

ትምህርቲ ኣዲኣ ናብ መምህራ ከይዳ ላውራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ሞያ ምምራጽን ወይ ትምህርቲ ምቅጻልን ኣይትዕልልን ድያ ኢላ ሐቲታ።

ንዝተፈላለየ መገድታት ነጻ ምዃን

ኒኮላስ ኣብ 9. ክፍሊ ይመሃር ኣሎ። ከም ብዙሐት ኣወዳት ናይ ኮምፕዩተር ክኢላ ክኸውን ደልዩ። ቦታ ንሞያ ትምህርቲ ብጽሑፍ ኣመልኪቱ ነጺጎሞ። ኣብ ኣኼባ ናይ ወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወለዱ ፈሊጦም ውሑድ ነጻ ቦታታት ከምዘለ። ወዶም ንኒኮላስ ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሰዲዶሞ፡ ካብኡ ሐድሽ ሓሳብ ሒዙ መጺኡ። ኣብ ቁጽሪ ንፉዕ ስለዝኾነ ብተክኒክ ስለዝግደስ ነጻ ቦታ ናይ ፖሊመካኒክ ይደሊ ኣሎ። ኣብኡ ተነጊሩ ምስ ኮምፕዩተር ከምዝሰርሕ። ድሕሪ ሞያ ትምህርቲ ተወሳሒ ኣብ ናይ ኮምፕዩተር ክድህብ ይኽእል እዩ።

እቲ ስድራቤት ትጽቢት ኣለዎ

እቶም ኣዝማድ ኣብ ዓዲ መዓስ እዩ ኣሕመድ ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ዝጅምር ይሐቱ። ኣብ ስዊዘርላንድ ከም ትሓስብዎ ኣይኮነን ወለድኡ ይምልሱ። ኣሕመድ ናይ ኢድ ተውህቦ ኣለዎ መካይን ይፈቱ መካኒካ ክኸውን ይደሊ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዕ ስለዝኾነ እቲ ጻዕሪ ዝሓትት መባእታዊ ትምህርቲ ፈጺሙዎ። እዚ ሞያ ጠቓምን ምስኡ ዝኸይድን እዩ። ኮሪዕና ኢና ኣብዚ ምብጻሑ ቀሊል ኣይኮነን ብዘይናትካ ቋንቋ ክትመሃር ኢሎም። በዚ ሞያ እዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ክሰርሕ ይኽእል እዩ።

ቁሩብ ቋንቋ ምምላኽ

ፋጥማ በላሕ ቆልዓ ኢያ፡ ምስ 15 ዓመት ንስዊዘርላንድ መጺኣ፡ ቋንቋ ብዙሕ ኣይትፈልጥን እያ ነራ ብቑዕ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃር። ድሕሪ 9 ዓመት ቤት ትምህርቲ (ግቡእ ትምህርቲ) ሐደ ዓመት ክትውስኽ ትኽእል እያ ንሞያ ትምህርቲ ክትቃራረብ ወይ ከኣ 2 ዓመት መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ክትመሃር። ንፋጥማን ወለድኣን ኩሉ ሓድሽ እዩ። እቲ ዝተፈላለየ መገድታት ጽቡቕ ገሮም ክፈልጥዎ ኣሎዎም። ፋጥማ ሐዚና 12. ክፍሊ ትፍጽም ሐሲባ ነራ። ወለድኣ ምስቶም ካለኦት ኣዋዳድርካ ምናልባት ግዜ ከድልየኪ እዩ ኢሎም ኣጻናኒዖማ። ድሕሪ ጉድለትኪ ፈሊጥኪ መሊእኪ ብቑዕ መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ክትመሃሪ። ኢንተክኢልኪ ድሕሪኡ ከኣ ዩኒቨርሲቲ ትቕጽሊ ክትዕወቲ እኺ።

ሞያ ምሐዝ ወይ ምምርዓው፧

ሳሚራ ቀሪባ 16 ዓመት ክትገብር ሐደ መንእሰይ ክምርዓዋ ነቦኣ ሐቲቱ። ቤተሰብካን ቤተሰብናን ይፋተዉ እዮም ከምቲ ባህልና ጽቡቕ ነሩ ክንዋሰብ ኣቦኣ መሊሱሉ። ግን ትፈልጥ እኻ ኣብ ስዊዘርላንድ ንነብር ኣለና እቲ ናብራ ተቀይሩ እዩ። ኣብዚ ዓዲ ንደቂኣንስቲዮን ንደቂተባዕታይን ሞያ ክሕዙ ኣገዳሲ እዩ። ብእኡ ምኽኒያት ሳሚራ ቅድም ሞያ ክትሕዝ ኣለዋ ድሕሪኡ ባዕላ ትውስን ንመን ከም ትምርዓው።

ኣቦ ንወዱ ኣሰንዮ
ለዮናርዶ ቀሪቡ ትምህርቲ ክውድእ ግን ከቢድዎ እዩ።
ንቅሩብ ግዜ ብተግበራዊ ልምምድ ክሰርሕ ይኽእል እዩ ነቲ ሞያ ናይ ጽርበት ክፈልጦ። ኣብኡ እንተነፊዑ ንክልተ ዓመት መባእታዊ ናይ ምጽራብ ትምህርቲ ክመሃር ይኽእል እዩ። ፈሪሑ ዓቕሉ ጸቢቡዎ ተጣራጢሩ ንስራሕ ክኸይድ ከይዱንጉ እቲ መገዲ ስለዘይፈልጦ። ብዛዕባቲ ሞያ ብዙሕ ኣፍልጦ ኣለካ ጻዕረኛ ኢኻ ኢሉ ኣቡኡ ኣታባቢዑዎ። ኣብ ፈለማ መዓልቲ ከሰንየካ ኢየ ናብ ስራሕ። ኣንጊህና ክንከይድ ኢና ግዜ እንተለና ክንዛወር ኢና ክትሃድእ።

ብሰበ ሰብ ገርካ ስራሕ ምእታው
ፓውላ ንፍዕቲ ተማሃሪት እያ። ጽቡቕ ነጥብታት ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ቋንቋ ጀርመንን ቁጽሪን ተምጽእ እያ። ተወሳኺ ፓውላ ቋንቋ ፖርቲጊዝ ትዛረብን ተንብብን ትጽሕፍን እያ። ዝተፈላለየ ሞያታት ኣጽኒዓ ኣብ ሰሚናር ሐበሬታ ትረኽበሉ ከይዳ ዝተፈላለየ ሞያታት ብተግበራዊ ልምምድ ፈሊጣ። ወሲና ነጋዲት ክትኸውን ደልያ ብጽሑፍ ገራ ንስራሕ ሓቲታ ግን ነጺጎማ። ኣቡኣ ኣብ ስርሑ ንሓለቓ ገሊጹሉ ጓሉ ከምተነጸገት፡ ሞያ ከምትደሊ ዘላ። እቲ ሓለቓ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ሕተት የምህሩ ኢዮም መሊሱሉ። ኮምኡ ክገብር ኢየ በዓልቲ ቤተይ ከኣ ኣብ ስራሓ ክትሓተላ ትኽእል ኢያ ጐረብትና ከኣ ኣሎ ክሕግዘና ዝኽእል።

ኢድካ ኣይትሃብ
መመት ደጋጊሙ ብጽሑፍ ገሩ ንስራሕ (ሽቃጦ) ሓቲቱ ግን ነጺጎሞ፡ ኣይኮነሉን። ተስፋ ቈሪጹ ስራሕ ምድላይ ኢንዳገዶሮ መጺኡ። እንዳ ተደረረ ወለዱ ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ክንከይድ ኢና እንታይ ክትገብር ትኽእል ኣየናይ ሓገዝ ዘድልየካ ክንሓትት ኢና ኢሎም። ንወዶም ኣታባቢዖሞ ተስፋ ኣይትቁረጽ ኣብ ዝብጻሕ ክትበጽሕ ኢኻ ክንሕግዘካ ኢና እቲ መገዲ ምሳኻ ክንከዶ ኢና ኢሎሞ።

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ
ነዊሕ ኣይትጸበዩ ሕቶ ብዛዕባ ምምራጽ ሞያ ደቅኹም እንተለኩም።
ንመምሃራን ወይ ንኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተቱ።

# መገድታት ንስራሕን ትምህርትን ኣብ ስዊዘርላንድ

## ሐበሬታ ንዓበይቲ

ኣብ ዓድኻ ትምህርቲ ተማሂርካ ሞያ ሒዝካ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ትደሊ ኣለኻ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ፍልጠትካ ክተስፍሖ ትደሊ ዲኻ፡
ኣብዚ ወረቀት እዚ ኣድላዪ ሐበሬታ ተጸሒፉ ኣሎ ዝሕግዘካ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ክትደሊ ክትጅምር ከለኻ።

**„Parlez-vous français?“ „Sprechen Sie Deutsch?“ „Parla italiano?“**

ስራሕ ዲኻ ክትደሊ ወይ ትምህርት ሞያ ክትመሃር ሐሲብካ፤ ኣብ ክልቲእኡ ኣፍልጦ ናይ ሃገራዊ ቋንቋ[1] ከድልየካዩ ። ኣብ ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ ትነብር እንተ'ኼንካ ንጹር ጀርመን ክትመሃር ጀምር። ኣድላይ እዩ ስዊዝ ጀርመን ክትሰምዕ ወይ ከኣ ክትዛረብ።
ንሓጋዚ ሰራሕተኛ እኹል እዩ ቁሩብ ጀርመን ትሰምዕን ትዛረብን እንተ'ኼንካ።
ንመጻኢ ግን ትጽቢት ኣሎ ሓጋዚ ሰራሕተኛታት ምምባብን ምጽሓፍን ኽኽእል።
ንምዕብል ዝበለ ስራሕ ከአ ዝያዳ ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ክህልወካ ኣልዎ። ንፍልጠት ምስፋሕ ወይ ከአ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምምሃር ክብድ ዝበለ ጽሑፍ ክተንብብን ክትጽሕፍን ክትክእል ኣለካ። ከምቲ ዕላማኻ እቲ ደረጃ ናይ ቋንቋ ይፈላለ እዩ። ኣየናይ ደረጃ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንዕላማኻ ዘድልየካ ክትፈልጥ ኣድላዪ ኢዩ።
ቋንቋ ምምላኽ ንስራሕን ትምህርትን ጥራሕ ኣይኮነን ኣገዳሲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ቋንቋ ምምላኽ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ምስ ጐረባብቲ ክትዕልል፡ ኣብ ዕዳጋ ድዩ፡ ምስ መምህር ደቅኻ ወይ ምስ ሐኪም ምዝራብ፡ ንምምላእ ጽሑፍ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወዘተ። ድሕሪ ቅሩብ ዓመታት ስራሕ እንተደሊኻ (ወይ ግድነት ስራሕ እንተ ኣድልዩካ) እቲ ቀዳማይን ቀንድን ስጉምቲ ድሮ ገርካዮ ኣለኻ።

እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ኢንተርነት[2] ይርከብ። ቀጻሊ ሐበሬታ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት ይርከብ። ሐበሬታ ብዛዕባ ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣብ መወዳእታ ገጽ ናይዚ ጽሑፍ ይርከብ።

## ምኽሪ ንስራሕ ምድላይ

ንስራሕ ምድላይ ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ጥራሕ ኣይኮነን ኣገዳሲ። እቲ ትምህርቲ ሞያኻ ተመክሮ ስራሕካ መንነት ናይ ወጻእተኛ (ፓስፖርት) ወሳኒ እዩ። ከምቲ ቁጠባዊ ኩነታትካ ክኸብደካ ይኽእል እዩ ስራሕ ክትረክብ ብሕልፊ ኣብ ስዊዘርላንድ ሰሪሕካ

---

[1] ኣብ ስዊዘርላንድ ኣርባዕተ ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋታት አለዋ፡ ጀርመን ፈረንሳ ጥልያንን ሮማኒሽን (Rumantsch grischun)
[2] ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ኢንተርነት ጀርመን www.berufsberatung.ch/weiterbildung
ፈረንሳ www.orientation.ch/perfectionnement ጥልያን www.orientamento.ch/perfezionamento

እንተ ዘይትፈልጥ፡ ዕድል እንተረኺብካ ክትሰርሕ ስራሕ። ኣብ ስዊዘርላንድ ተሞክሮ ናይ ስራሕ ቀንዲ እዩ፤ ንኣብነት ኣብ ተግበራዊ ልምምድ፡ ወይ ከኣ ኣብ ዝኾነ ስራሕ እቶ ወላ ዝማዕበለ ትምህርቲ ሞያ ይሃልወካ።
ምናልባት ብኡኡ ኣቢልካ ምዕቡል ስራሕ ትረክብ ወይ ከኣ ምስክር ወረቀት ናይቲ ተግበራዊ ልምምድ ይህቡኻ። ንመጻኢ ምስቲ ምስክር ውረቀት ዝሓሸ ዕድል ኣለካ ብጽሑፍ እንተቀሪብካ ስራሕ ክትደሊ ከለኻ። ወፈራ ስራሕ ከኣ ሐደ መገዲ እዩ ክትምኮርን ሰባት ክትላለይን ዝሕጉዙኻ ስራሕ ክትረክብ። ነዝማድካን ንፈተወትኻን ነዕሩኽትኻን ግለጽ ስራሕ ከምትደሊ ዘለኻ። ምናልባት ኣብ ትካሎም ነጻ ቦታ ይህሉ ወይ ከኣ ሰብ ይፈልጡ ነጻ ቦታ ስራሕ ዝሕብሩኻ።
ስራሕ ክትረክብ እንተደሊኻ ኣብ ጋዘጣን ኢንተርነትን ረአይ ወይ ከኣ ትካላት ባዕልኻ ከድካ ንስራሕ ሕተት። ተወሳኺ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ምምዳብ ስራሕ[3] ኣልዉ ቀጻሊ ዝሕግዙኻ።

## ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታት ወግዓዊ ምቕባል

ኣብ ዓድኻ ትምህርቲ ሞያ ጨሪስካ ወረቀት ምስክር ሒዝካ (ዲፕሎማ) ወይ ከኣ ዝኾነ ምስክር ወረቐት ኣለካዶ፧ ድሕሪኡ እቲ ወረቀት ምስክር  ክንደይ "ጠቓሚ" ምዃኑ መርምር።
ፍሉያት ሞያታት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣለዋ፡ ብሕጋዊ ስርዓት ናይቲ ሃገር ዝካየዳ። ዲፕሎማ  ናይ ከምዚ ፍሉያት ሞያታት ኢንተለካ ቅድሚ ምስራሕካ ተቐባልነት ክትረክብ ኣለካ። ሞያታት ሕጋዊ ስርዓት ናይቲ ሃገር ዘየድሊዮ እንተኾነ እቲ ፈደረላዊ ቤት ጽሕፈት ይላወበካ እቲ ዲፕሎማ (ደረጃዊ) ክተመስክሮ። እቲ ወረቀት ምስክር ካብ ዓድኻ ሒዝካዮ ዝመጻእካ ተቐባልነት ኣየድሊዮን እዩ። እቲ ወሃቢ ስራሕ እዩ ሞያ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ዝውስን ከስርሐካ። እቲ በበተ (BBT) ኢዩ እቲ ደረጃዊ ምፍልላይ ናይ ዲፕሎማኻ ዝሰርዖ። ንሳቶም ኢዮም ከኣ ንቤት ትምህርቲን ወሃቢ ስራሕን በዓል መዚን ኣሳራርዓ ወረቀት ምስክርካ ኣብ ናይ ስዊዝ ስርዓት ትምህርቲ ዝሕብሩ።
እቲ ምቕባልን ወይ እቲ ደረጃዊ ምምስካር ናይ ዲፕሎማ ውሕስነት ኣይኮነን ኣብቲ ዝተማሃርካዮ ሞያ ብሕልፊ ሰሪሕካ ዘይትፈልጥ ስራሕ ክትረክብ፡ ንመገድኻ ግን ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ፡ እንተኸኢልካ ኣብ ልዕሊ ዲፕሎማ ኮርስ ተመሃር ምስ ሞያኻ ዝተተሓዘ መታን ወረቀት ምስክር ናይ ስዊዘርላንድ ክትቕበል።
ቀጻሊ ሐበሬታ ኣብ ፈደሬላዊ[4] ቤት ጽሕፈት ሕተት፡ ኣብኡ ከመይ ከምትቕጽል ክግለጸልካ እዩ።

[3] ንዞባ ቋንቋ ጀርመን ዝዝረብ Regionales Arbeitsvermittlungszentrum (RAV); www.treffpunkt-arbeit.ch
ንዞባ ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረብ Office régional de placement (ORP); www.espace-emploi.ch
ንዞባ ቋንቋ ጥልያን ዝዝረብ Ufficio regionale di collocamento (URC); www.area-lavoro.ch

[4] www.bbt.admin.ch

| | |
|---|---|
| >Deutsch | >Anerkennung ausländischer Diplome |
| >Français | >Reconnaissance de diplômes étrangers |
| >Italiano | >Riconoscimento dei diplomi esteri |
| >English | >Recognition of foreign qualifications |

## ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ትምህርትን ሞያ ትምህርትን

ሞያ ክትማሃር ኣብ ስዊዘርላንድ ምስቲ ሞያ ኣመሃህራ ኣብ ዓድኻ ይፈላለ እዩ። ንውሑድ ሞያታት ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲን ዩኒቨርሲቲን እዩ ዘድልየካ። ዝበዝሑ መንእሰያት ኣብ ስዊዘርላንድ ትሽዓተ ዓመት ትምህርቲ ተማሂሮም ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ ሞያ ይኣትዉ። ሰለስተ ስጋብ ኣርባዕተ ዓመት ብተግባርን በክሊ ሓሳብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ።
ኣብ ስዊዘርላንድ 250 ዝተፈላለየ ሞያታት ኣሎ። እዚኣን ሞያታት ድሕሪ ትሽዓተ ዓመት ቤት ትምህርቲ ክትመሃረን ትኽእል። ድሕሪ እዚኣን ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ሞያዊ መባእታዊ ትምህርቲ ፍልጠትካ ኣብቲ ሞያኻ ብዝተፈላለየ መገድታት ክተስፍሖ ትኽእል ኢኻ። ክትፈልጥ ኣለካ ኣብ ስዊዘርላንድ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ የድለካ ሞያ ክትመሃር። ምስፈለጥካዮ እንታይ መገድታት ዘሎ ንምስፋሕ ፍልጠትካ ምስኡ ኸኣ ኣበየናይ ዓውዲ ስራሕ ክትደሊ ትኽእል ትፈልጥ።
እታ መጽሄት "እንታይ ክገብር እየ ድሕሪ ቤት ትምህርቲ"፡ ጽቡቅ ገምጋም ብዛዕባ ኣገባብ ናይ ትምህርቲ ብጠቕላላ ኣብ ስዊዘርላንድ ትህብ። እታ መጽሄት ብዘተፈላለየ ቋንቋ ተቶርጒማ ኣላ፡ ኣብ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት ትርከብን ትልቃሕን እያ።

### ክፍሊት ንትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ወይ ከኣ ቀጻሊ ኮርስ ንምስፋሕ ፍልጠት

ክትመሃር ወይ ከኣ ፍልጠት ክተስፍሕ እንተደሊኻ ከመይ ገርካ ከም ትኸፍሎ ክትሓስብ ኣለካ። ኣብ ስዊዘርላንድ ዝበዝሑ ተማሃሮ ወለዶም ኢዮም ዘምህርዎም ወይ ከኣ እንዳ ተማሃሩ ይሰርሑ እቲ ትምህርቲ ባዕሎም ክኸፍልዎ። ፍሉይ ምኽንያት ክህሉ ኣለዎ ትምህርቲ ክኽፈለልካ (ስኮላርሺፕ)[5]።

### ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት[6]

ሓበሬታ ክትረክብ ብዛዕባ ዝተፈላለየ መገድታት ሞያ ክትመሃር እንተደሊኻ ወይ ከኣ

---

[5] ሓበሬታ ብዛዕባ ስኮላርሺፕ ኣብ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት ወይ ኣብ ኢንተርነት ይረከብ።
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረብ ዞባ berufsberatung.ch >Laufbahn >Tipps für die Laufbahnplanung >Finanzierung der Weiterbildung
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረብ ዞባ orientation.ch >Formation >Financer sa formation
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረብ ዞባ orientamento.ch >Formazioni >Finanzare la propria formazione
[6] ነፍስ ወከፍ ዞባ (ካንቶን) ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ኣብ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.adressen.sdbb.ch Français: www.adresses.csfo.ch Italiano: www.indirizzi.csfo.ch
ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይን ሓጺርን ሽም እዩ ዝፍለጥ።
ንዞባ ቋንቋ ጀርመን ዝዝረብ BIZ, Laufbahnzentrum
ንዞባ ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረብ OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ንዞባ ቋንቋ ጥልያን ዝዝረብ orientamento, UOSP

ኣስፊሕካ ብዛዕባ ስራሕ ኣብ መጻኢ ሂወትካ ትሓስብ ኰይንካ ኣብ ስዊዘርላንድ ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኪድ። ኣብኡ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩሉ ሞያ ትምህርትን ሞያታትን ትረክብ። ፍሉይ ቦታ ናይ ሓበሬታ ኣለዎ ከም ቤት መጻሕፍቲ ኢዩ ዝሰርሕ። ኣብኡ ከድካ ክፋት ከሎ ከይተመዝገብካ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ሞያታት ወይ ትምህርቲ ሞያ ሓበሬታ ትረክብን ጽሑፍ ትልቃሕን ኢኻ። ኣብቲ ቦታ ሓበሬታ ተወሳኺ መወከሲ ጽሑፋት ምስ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ኣሎ፡ ንኣብነት ኣድራሻታት ናይ ኣገልግሎታት ንሞያ ምኽሪ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ። እዘን ጽሑፋት በቲ ናይ ስዊዝ ቋንቋ ተጻሒፉን። ዝበዘሐ ጽሑፋት ኣብ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣይተተርጉመን። ንበይንኻ እንተ ጸጊሙካ ምስ ሓደ ካብቶም ሰራሕተኛ ብናይ ስራሕ ኩነታትካ ክትዛራረቡ (ብኣካል ወይ ብተለፎን) ተቋጸር። እቲ ዝርርብ በቲ ኣብ ስዊዝ ዘሎ ቋንቋታት ኢዩ ዝካየድ (ብዛዕባ ካልእ ቋንቋታት ሕተቱ)። እቲ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ስራሕ ኣይመጸጻእልካን እዩ። ግን ኣብቲ ዝርርብ ምስቶም ሰራሕተኛ ብዛዕባ መገድታት ናይ ስራሕ ክትዛራረብ ወይ ሓድሽ ሐሳብ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። በሓንሳብ ኮይንኩም መደብ ምሳኻ ዝኸይድ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ሞያ ተውጽኡ።

ናብ ሰራሕን ትምህርትን ክትበጽሕ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዙሕ ዓቕሊን ጽንዓትን የድለየካ እዩ።

ጽቡቕ መገድን ዓወትን ንምነየልካ።